# ((ደጊድ ሰላም ዶ ኮነ ))

ከተሰይጥነና ሕብርና ክትድውን
ብሰብኣዊ መሰል ጠቂና ብዓሎቕ ክትውግን
ዘይምጽዓድና ዘይምዃንና ተለኣኣኽቲ
ሕጂ ንሪኢ ኣለና ዳም ዳም ኣገድቲ

ዓመጽ ጉዕጸጸ ዘይ ፍትሓዊ ልማዳ
ትማሊ ኣብ ጠረጴዛ ከቢባ ንጸለመ እገዳ
መጋርያ ኣሳዊራ ረመጽ ኣንበድቢዳ
ጸረ ቻርተራ ዘይትምእዘዝ ብቐይዳ
ሕጂ እንደ ሞ ኣርዓምናያ ኣብ እግርና ሰጊዳ
ዝኽነየቶ ጊግጊዳ ምስ ሃመመ እቲ ወሰላቲ መልሓሱ ምስ ተጨረመ
ዕርበት ምስ ኣርከበ ንቑልመጻ ዝኸደመ
ምዕሳል ጀሚራ ናብታ ደሴት ሰላም ኤረና እዛ ቁናን ዓለመ

ሳላ ዓቕሊ ጹረት ትዕግስቲ ጎብየ
ጽግመ ጸዋር ህዝቢ ጽንዓቱ ዘይነከየ
ሳላ ብረሃጹ እምበር ትካቦ ዘይተጸበየ
ንርኢ ኣለና ሕጂ ዳም ዳም ውዕል ውፍሪ ክጉየ

ከመይ ደቀይ ስግንጢር ዘበኑ
ክሳሶን ፈራዶን ቀጻዖን ኮይኖም ከምዘይ በየኑ
ወዮ ከዳሚ ምስ ወጻ ዕርቃኑ
ለኣኽትን ተላኣኽን ከብድን ሕቖን ምስኮኑ

ዘብዘብ ኮይኑ ሕጂ ጉልባብ ምስተቐልዐ
ዕምሪ ማለሊት ሰዓቱ ምስ ኣብቀዐ
ነድሪ ድሁጽ ህዝቢ ቁልዑ ምስ ተባረዐ
ገጾም ቀይሮም ናብ ቲ ኣብ መስመር ትማሊኡ ዝጸነዐ

ሓራ መስመሩ ኣሚኑ
ቅየሳ መንገዱ ኣማእዚኑ
ብ ርእሰ -ምርኮሳ ምጽወታ ጸይኑ
እንሆ ሕጂ እቲ ዓቃል መሊኡሉ ትወኑ

ለካ እቲ ኣብ ዓቕሊ ዘዝገበ
ዋኒኑ ዝዕልጆ ኣብ ትማሊ ኮይኑ ንሎሚ ዘንበበ
ዝተኾለፎ ግዜ ክመልስ ዕጽፊ ዝኀይይ
ለካ ዓይኒ ንስሪ እዩ ካብ ሳትላይቶም ንላዕሊ ዝርእይ

ብጽፍረይ ክብል ንሶም ጉጤት ክስሕሉ
ንረብሓ ህዝበይ ክብል ንሶም ንረብሖኦም ክብሉ
ለካ ሚዛን ከምዝቕይር ብጽንዓቱ ዓይሩ
ሰጊድ ሰላም ኣቢልዎም ገጾም ክሳብ ዝቕይሩ

ቃና ትማሊኦም ጠቕነ ኣልሚሱ
ብግዜ ምሂርዎም ምሒር ተዓጊሱ
ዘብዘብ ኮነ ሕጂ መዋጽኦ ምስ ተዓጽወ
እቲ ኣብ ሑጻ ዝተሰረተ ጊድጊዳ ብንፋስ ምስ ተነነወ

መሬት ምስ ከርነበቶ ምስ ኣርከበ ድነ
ቅልውላው ተላኣኣኺ ጋህዲ ብርሃን ምስ ኮነ
ናይ ኢዱ ምስ ረኸበ እቲ ኣህዛብ ንቑልቁል ዘተፉነነ
ሕጂ ተሰዊጥዎም ውስልትና ልኡኽ ወያነ።

ዓወት ንሓፋሽ
ኣሸናፊ ኣብርሃም( ኣሼ)
ጀርመን / 31/ 01/2017